# ብተስፋ በርትዑ

**ኣብ ወጻኢ ሃገራት ንዚርከቡ**
**ካቶሊካውያን ምእመናን ደቂ-ሃገርን፤**
**ንኹሎም ሰብ ጽቡቅ ድላይን**
**ዝተጻሕፈ**

**ሓዋርያዊት መልእኽቲ**
**ካቶሊካውያን ጳጳሳት ኤርትራ**

**ነሓሰ 2004**

# መባእታ

1. * ብፍቓድ እግዚኣብሔርን፣ ብሥምረት መንበረ-ጴጥሮስን፥

* ናይœታ ኣብ ኤርትራ ዘላ ካቶሊካዊት ቤተክርስትያን ጓሶት ካብ ዝኾኑ ጳጳሳት

* ካብœዛ ሃገር ተበጊሶም ኣብ ኵለን ሃገራት ናብ ዘለዉ ካቶሊካውያን ምእመናን፥

* ካብ እግዚኣብሔር ኣቦናን፥ ካብ ኢየሱስ ክርስቶስ ጐይታናን ጸጋን ሰላምን፡ ነኣኻትኩም ይኹን (1ቆሮ.1፣ 1-2)፣

*ማኅበረ-ሰብ ዓለም፣ ብዝተፈላለየ ሰብ-ሰርሖ ግድላትን ማዕበላትን እናተጸፍዐ ኣብ ዚህወኽሉ እዋን፣ "ብክርስቶስ ምእማንኩም ኣብ ኵላ ዓለም ስለዝተሰምዐት፣ ቅድሚ ኵሉ ብዛዕባ ኵላትኩም ንኣምላኽና ብኢየሱስ ክርስቶስ ነመስግኖ ኣሎና፣ ከየቋረጽና ኵሉ ጊዜ ኣብ ጸሎትና ንዝክረኩም*' (ሮሚ.1፣ 8-9)።

እግዚአብሔር ብዘሕደረሎም ርድኢትን ብዝሃቦም ምድራዊ በረኸትን ተሓጊዞም ናይ ዑቕባ ዕድል ዝሃቡኹም፣ ኣብ መንጎኦም እትነብሩ ሃገራትን ሕዝብታትን፣ ብፍላይ ከኣ እተን ብኃልዮት ኣምላኽን ብናይ እንተላዕለ ኵሉ ቤተክርስትያን ኃልዮትን ተደሪኽን ዚስዕባኹምን ዚኀስያኹምን ሰበኻታትውን፣ ኣብœዚ ሰዓትœዚ ብመንፈስ ምስጋና ንዝክረን ኣሎና።

*ንእምነት-ክርስትናን መንፈሱን ኣብ ዚፈታተን፣ ፈጺሙœውን ኣብ ዚነጽግ ዓለም ኮይንኩም እምነትኩም ንምሕላውን፣ በዛ እምነት ተመሪሕኩም ንምንባርን እትገብርዎ ጻዕርን ትግሃትን ተገንዚብና፥* "*በታ ዘላትና እምነት ንሓድሕድና ምእንቲ ክንጸናናዕ*' (ሮሚ.1፣ 12) ንጽሕፈልኩም ኣሎና። ኣብ መልእኽቲ ዕብራውያን (11፣ 1) ከምዚንገረና ድማ፥ እምነት ነቲ ብተስፋ እንጽበዮ ነገር ከምንረኽቦ ዜረጋግጽ ብምዃኑ፣ ከምኡœውን "ብተስፋ ከምዝደሓንና" (ሮሚ፣ 8፣ 24) ስለእንፈልጥ፥ እስኪ ብተስፋ ንበርትዕ።

ዝሓለፈ ዓመት ኣብ ኤውሮጳን ሰሜን ኣሜሪካን፣ ኬንያን ንዚነብሩ ምእመናንና ኣብ ዝገበርናዮ ሓዋርያዊ ዑደት (ኣቡነ መንግስተኣብ ተስፋማርያም፤ ኣቡነ ኪዳነ የዕብዮ) ብዘዋህለልናዮ ተመክሮን ትዕዝብትን ከምኡœውን ኣብœዚ ቀረባ ግዜ (ብ3 ግንቦት 2004) ካቶሊካዊት ቤተክርስትያን ካብ ሮማ ኣብ መላእ ዓለም ንዚርከቡ ምእመናን-ስደተይናታት ዚርኢ ዝሃበቶ መምርሕን ማዕዳን ዝሓዘ ሰነድ (ኤርጋ ሚግራንተስ ካሪታስ ክርስቲ = ናይ ክርስቶስ ፍቕሪ-ሰደተይናታት) ምኽንያት ብምግባር፣ በዛ ሓዋርያዊት መልእኽትና ምሳኻትኩም ክንዋሳእ ኣድላዪ ኮይኑ ረኺብናዮ። ናይ ምሥራቓዊት ካቶሊካዊት ቤተ ክርስትያን ሕገቀኖና ከኣ ነዚ እንገብሮ ዘሎና ብሥርዓት ዚእዝዞ እዩ።

==========================================================

ንስኻትኩም ስለ ዝኣመንኩም እቲ ኣብ መወዳእታ ዘመን ኪገሃድ ዘለዎ ድኅነት ክሳዕ ዚመጽእ፤ ኃይሊ-ኣምላኽ ኪሕልወኩም እዩ። ሽሕœኳ ሕጂ ንቑሩብ ግዜ ብብዙኅ ዝዓይነቱ ፈተና ክትሓልፉ ግዲ እንተኾነ፤ በዚ ክትሕጎሱ ኢኹም|። እዚ ከኣ እታ እምነትኩም ሓቂ ከምዝኾነት ኬረድእ እዩ። ወርቂ ሽሕ ግዜ ብሓዊ ይኹላዕ እምበር በራሳይ እዩ። እምነትኩም ግና ምስ ተፈተነት ኣዝዩ ብሉጽ ዝኾነ ዋጋ ኣለዋ። ከመይ ኢየሱስ ኪግለጽ ከሎ፤ ምስጋናን ስብሓትን ከተምጽኣልኩም እያ። (1ጴጥ.1፣5-7)

==========================================================

# 1ይ ክፍሊ

## ካብ ጎልዮት-ቤተክርስትያን ውጹኣት ኣይኮንኩምን

**2.** *"ብምኽንያት ሃለዋቶም ኣብቲ ልሙድ ናይ ቤተክርስትያን ጉስነታዊ ኣገልግሎት ኪጥቀሙ ዘይክኣሉ፥ ካብዚ ኣገልግሎትዚ ርሒቖም ዚርከቡ ዅሎም ፍሉይ ዝኾነ ተገዳስነትን ጎልዮትን ኪግበረሎም ይግባእ። ከምዚኦም ካብ ዝበሉ ጕጅለታት፣ ብዙኃት ካብ ሃገር ናብ ሃገር ተንቀሳቐስቲ፣ ስደተይናታት...ይርከቡዎም'* (ጉ.ቫ. 2ይ፥ ብዛዕባ ተልእኮ፣ ኣቡናት 18)። ምእንትዚ ናይቶም ብዝተፈላለየ ምኽንያታት ብፍላይ ድማ" *ኣብ ካልኣት ሃገራት ዝሓሸ ናይ መነባብሮን ስራሕን ዕድል ኪረኽቡ..."* (ስራሕ-ወድሰብ Laborem Exercens.23) ዚንቀሳቐሱ ሰባት ሃለዋትን ኵነታትን ንቤተክርስትያን ኣዝዩ ኪግድሳ ከም ዚርከብ፣ ቤተክርስትያን ኣብ ዓለምን ምስ ዓለምን ብዘለዋ ርክብ ዚዛረብ ናይ ጉባኤ ቫቲካን ሰነድ፣ ፈላሚ ቃላቱ ንርድኦ፥" *ኣብዚ እዋንዚ ናይ ዘለዉ ደቅሰባት ብፍላይ ድማ፣ ናይቶም መሳኺን ድኻታትን ብዝተፈላለየ ዓይነት ዝተወጽዑን ዅሎም ታሕጓስን ተስፋን፣ ጸበባን መከራን ኵሉ፣ ናይቶም ተኸተልቲ ክርስቶስ* (ናይ ቤተክርስትያን) *ታሕጓስን ተስፋን፣ መከራን ጸበባንውን እዩ። እቲ ብሓቂ ሰብኣዊ ዝኾነ ሃለዋቶም ድማ ካብ ናይ ሰዓብቲ-ክርስቶስ ኣቓልቦ ዝረሓቐ ኣይኮነን'* ። *(ጉባ.ቫቲ.2ይ ፣ ፍሥሓን ተስፋን፣* 1 Gaud. et Spes 1*)።*

ስለዚ ከኣ ሰብኣዊ ዓቕማን መደባታን ድሩት ብምዃኑ ዝጐደለን ዚጐድልን ኣገልግሎት ኪህሉ ይኽእልምበር፣ እቲ ናይ ቤተክርስትያን ጎልዮትን ተገዳስነትንሲ ንጹር እዩ፣ ወትሩ ከኣ ብዝተፈላለየ ደረጃ፣ እታ ዝዓበየትን ዝሰፍሐትን ቤተክርስትያን ኣብ ጉባኤ፣ ብዝበለቶን፥ ር.ሊ.ጳጳሳትውን ኣብ ዝተፈላለየ ግዜያት ዜርእዩዎ ጎልዮትን ወትሩ ዚቕጽል እዩ።

ንሕና ጓሶትኩምውን እዚ መዝነትን ተልእኮን ከምዘሎና ብምግንዛብ፥ ነዚ ሃለዋትኩምን ኲሉ ግድላትኩምን ክንሓስብ *"እቲ ብኽርስቶስ ኣባኹም ዘሎና ፍቕሪ የገድደና"* (2ቆሮ.5፣ 14)። በዚ ፍቕርዚ ተደሪኽና፣ *መዝነትና ንምፍጻም* "ብተስፋ በርትዑ" ብዚብል ዘጸናንዕን ዘተባብዕን *ቃላትና ንደሃየኩም ኣሎና*።

# ምስጋና

**3.** *እቲ መንፈሳዊ ናይ ጕስነትን፣ ተገዳስነትን መደብ፣ ኣቐዲሙ ኣብ ውሱን ቦታታት (ሮማ፣ ሚላኖ፣ ሽቱትጋርት፣ ፍራንክፈርት፣ ዋሺንግተን፤ ቺካጎ፤ ሎሳንጀለስ፤ ሳንፍራንሲስኮ፤ ሎንደን፤ ከሰላ፤ ገዳርፍ) ብወግዒ ብቤተክርስትያንና፣ ተጀሚሩን ነዊሕ ተኻዪዱን እዩ። ብኣቡናት ኮነ ብማኅበራቶም ተላኢኾም ኣብœዚ ቦታታትœዚ ንመእመናን ብሉጽ ተወፋይነቶምን ኣገልግሎቶምን ንዘወፈዩን ብሕጂœውን የወፍዩ ንዘለዉ ካህናትን ደናግልን ንኹሎም ማኅበራት፣ ልባዊ ምስጋናና ነቕርበሎም። ብዝበለጸን ብዝተወሃሃደን ኣገባብ ኪቕጽልዎ ከኣ ነተባብዖም ኣሎና።*

ኣብ ዚበዝሕ ቦታታትን ኵነታትን ግን ቅንኣት-እምነቶም ብዝሓደሮም ተገደስቲ ኣኃዋትን ኣኃትን ተጐሳጒስኩም ኣድማዕን ዜሓጕስን ተግባራትን ዕማማትን ብምፍጻምኩም ብልቢ ነመስግን፥ ነቲ ኪርሳዕ ዘይግበኦ ጕዳይ ድሕነትን እምነትን ከይረሳዕኩም፥ ንርእስኹም ተነቓቒሕኩም ንውሉድኩም ኮነ፣ ንካልኦት ኣኀዋትኩም ኣኃትኩም ምንቅስቓስኩም፥ ነዚ ንዘኽኣለኩም ልዑል ኣምላኽና ምስጋና ይብጸሓዮ። እተን ኣብ ዓዓዱን ሃሃገሩን ዘለዋ ቀሞስናታት፣ ሰበኻታት፣ ካህናት ኵሎምœውን ብወግዓዊ ደረጃ ኮነ በብውልቂ ኪሕግዙኹምን ኪግደሱልኩምን ዝተረኽቡœውን ነመስግኖም።

እዚ ኹሉ ዝሓለፈ በረኸትን፣ ናይ ኣምላኽ ረድኤትን ክንሓስብ ከሎና *"ጐይታ ዓበይቲ ነገራት ገይሩለይ እዩ"* (ሉቃ.1፣ 49) ዚብል ቃል፣ ኣብ ኣፍና የድምጽ። ምእንትœዚ በረኸትœዚ ከኣ ንጐይታ ነመስግኖ ንዘምረሉውን። ብዝሓለፈ ጸጋን በረኸትን ክንእመን ከሎና ንሕጅን ንዚመጽእን ኣበርቲዕና ከም ንሰርሕ ቃል ነኣቱ ኣሎና ማለት እዩ።

ኣብœቲ ብስደት እትነብሩሉ ሃገር፥ መንነትኩምን መንፈስ-እምነትኩምን ንምሕላው፥ ብድሕሪት ንዝሓደግኩምዎ ኣብ ጸገማት ንዚርከብ ኅብረተሰብኩምን፣ ስድራቤትኩምን ንምርዳእን ንምሕጋዝን ብእተርእይዎ ንጥፈትን ተገዳስነትን፣ እቲ ንመላእ ሰብኣዊ ሕንጸትን ብስለትን ዚርኢ ናይ ኣቦታትን ኣዴታትኩምን፣ ናይœቲ መሠረታዊ መዕበያኹምን መሥመር ንምሕላውን ናብ ውሉድኩም ንምምሕልላፍን ...ብእትገብሩዎ ትግሃትን ጻዕርን፣ ተደኒቕና ልባዊ ምስጋና ነቕርበልኩም ኣሎና።

**4.** ቅድሚ ኃያሎይ ዓመታት፣ ኣብ'ዛ ዓባይ ከተማና (ኣሥመራ) ኣብ ትርከብ ሓንቲ ንእሽቶይ ቊምስና ብዝተገብረ መጽናዕታዊ ግምት *(ብ1978)* ክልተ-ሚሶ ካብ ኣባላታ ኣብ ወጻኢ ሃገራት ብዘለዉ ውሉዶምን ኣባላት ቤተሰቦምን ዚናበሩን፣ ዚጥወሩን ምዃኖም ዜርኢ ነበረ፥ ናይ መላእ ሃገር ነጸብራቕ ኪበሃል ዚከኣል እዩ። እዚ ናይ ጎልዮትን ሓድሕዳዊ ረድኤትን ዝንባሌ፣ ነቲ ኣብ ወንጌል ዝተመርኰሰ፥ ፍቕሪ ብጻይ ዚገልጽ፥ መንፈስ-ክርስትና ዜረጋግጽ፣ ቀንዲ ማኅበረ-ሰባዊ መልክዕና ኮይኑ ምርካቡ፣ እቲ ባህልናን ኣተሓሳስባናን መጠን ክንደይ ብክርስትያናዊ መንፈስ ከምዝተሓንጸን ዝተኾስኰሰን ዜርኢ እዩ።

ብዙኃት ካባኻትኩም ኪብሉና ከም ዝሰማዕናዮ፥ ካብ'ቲ ፍረ ረሃጽኩምን፣ ኣዝዩ ድሩት ዝኾነ ዓቕምኹምን መቒልኩም፣ ንሃገርኩምን ኅብረተሰብኩምን ስድራቤትኩምን ብምሕጋዝኩምን ነዚ ንምግባር ድልየትን ተገዳስነትን ብምርኣይኩም፣ እቶም ኣብ ናይ ዕለታዊ ናብራ ጸገማት ኣብ ጐድንኹም ዚቃለሱን ዚጐዩን ምዕራባውያን ኣዝዮም ከምዚግረሙን፣ እዚ ኣተናኹም'ውን ንኺርድእዎ ከምዚጽግሞምን ዘመልክት እዩ። እዚ እንታይ የርእየና? እቲ ናተይ ንርእሰይ ጥራይ፣ "*ካብ ወደይ ከብደይ*" ነኣይ፣ ጥራሕ ይጥዓመኒ...ዚብል መንፈስ-ክርስትና ዝረሓቐ ምዕራባዊ መንፈስን ዝንባሌን ብግብራዊ ኣገባብ ከምዝነጸግኩምዎ፤ እዚ መንፈስ'ዚ ንዚኽተሉ ወገናት ከኣ፤ ናይ ጎሊና ስክፍታን ወቐሳን ከምዘሕደርኩምሎም ግልጺ እዩ። "*ኣቱም ፍቑራተይ፣ ኣጋይሽን ስደተይናታትን ...ንሠናይ ግብርኹም ርእዮም በታ መዓልቲ ፍርዲ፣ ንኣምላኽ ምእንቲ ከመስግንዎ ኣብ ማእከል ኣሕዛብ ኣካይዳኹም ኣጸብቑ*" (1ጴጥ.2፣ 11-12) ንዚብል ለበዋ-ኣቦኹም ቅዱስ ጴጥሮስ ሓዋርያ ኢኹም ዝፈጸምኩም። "*ኣምላኽና ከኣ ድሌትኩም ዘበለ ኵሉ ከም መጠን ሃብቱ፣ ብኢየሱስ ክርስቶስ ገዚሩ ብኽብሪ ኪመልኣኩም እዩ*" (ፊልጵ.4፣ 19)። "*ብዛዕባታ ኣብ ልብኻትኩም ዘላ ተስፋ ንዚሓተኩም ዘበለ ምላሽ ምሃብ ምእንቲ ክትክእሉስ ኵሉሳዕ ድሉዋት ኩኑ። ግናኸ ብለውሃት ግበሩዎ*" (1ጴጥ.3፣ 15)፥ ብተስፋ ከኣ በርትዑ።

መበቈልኩም ምስ ዝኾነት ሃገርኩም ንዘሎኩም ምትእስሳር፥ ብዚከኣል ብዝተፈላለየ መደብ ክትቅጽልዎን፣ ናይ መን ምዃንኩም ክትገልጹን ምጽዓርኩም ዚድነቕ እዩ። ክንየ'ውቲ እተበርክትዎ ግዙፍ ሓገዝን ረድኤትን፣ እቲ ጕዳይ *መንነትን*" ዓሚቝ ስምዒትን፣ ኣብ ሓዘንን ሓጐስን፣ ኣብ ጸበባን ጸገምን፣ ...ኵሉ

እትገብሩዎ ሱታፌ፣ ብኣካልን ብዝተፈላለየ ኤለክትሮኒካዊ መልእኽታት ዚፍጸም ሓድሕዳዊ ርክብ ዓይነተይና ኣብነት እዩ።

ማኅበራዊ መልክዕ ዝዓዘዞ ናይ ሥነ-ምግባር ሕይወትን መደባትን ኣገዳሲ እዩ። ኣነ ዝድላየይ እፈጽም፣ ሰብ ዝበለ ይበል፣ ...ወዘተ ካብ ዚብል ውልቀ-ስምዒት ወጺእና፣ ዝኸማይ ሰብ እንታይ ይብለኒ፣ ኃወይ ኃውተይ...እንታይ ኪብሉኒ እዮም? ዚብል መንፈስ ስክፍታን ጥንቃቐን፣ ኃባራዊ ጕዕዞን ዘመልክቶ፥ ንሕይወትን ንብረትን ትርጕም ዚህቦ እዩ። እዚ ኵሉ ብቐሊሉ ዚፍጸም ከምዘይኮነ፣ ሓያል ጻዕርን ትብዓትን ዚሓትት ምዃኑ ግልጺ እዩ። ምስœቲ ከቢቡካ ዘሎ “ከይብሉኒ” ካብ ዚብል ስኽፍታ ወጺኡ፣ ደስ ንዝበሎ ዚፍጽምን ዚኽተልን ባህልን ኣተሓሳስባን ብርቱዕ ቃልሲ ከምœተካይዱ ከኣ መንም ዘስተውዕሎ እዩ።

## ሃለዋት ስደት

**5.** ስደተይና ዚበሃል፣ እቲ ዓዱን ዓውዱን ሓዲጉ፣ ብዝኾነ ይኹን ምኽንያት ኣብ ዓድ-ጓና ኪሰፍር ዝመረጸ ወይ ኪመርጽ ዝተገደደ እዩ፥ ገሊኡ ብፖሊቲካዊ ኩነታት፣ ገለ ብስራሕ ብትምህርቲ ብምርምር...ወዘተ..። ናይ ውልቀሰባት፣ ስድራቤታት፣ ሕዝብታት ምንቅስቓስን፣ ናብ ዓድኻ ምምላስን፣ ካብ ጥንቲ ብጥቅምቲ ኣብ ኅብረተሰብ ብዝጸንሐ፣ ኣብ ናይ ድኅነትና ቅዱስ ታሪኽœውን፥ ኣብቲ ናይ ደቂ-ያዕቆብ ናብ ግብጺ ምኻድን፣ ካብኡ ምምላስን ናይ ስደት-ባቢሎን ኵነታትን፥ ክሳብ ናይœታ ቅድስቲ ስድራ ሃለዋት...ኵሉ ከይተረፈ ዚግለጽ እዩ። ኣብ ቅዱስ መጽሓፍœውን ናብራ-ስደት ብናይ ምእመናን ምድራዊ ጕዕዞ ዚምሰል ኮይኑ ተረኺቡ።

ናይ ውድብ ኅቡራት ሃገራት ጸብጻባት ከምዜመልክቶ፣ ኣብœዚ 30 ዓመታት ኣንነዝ ስደተይናታት ዓለም ካብ 75 ሚልዮን ናብ 125 ሚልዮን ኪድይብ ተረኺቡ። ስለዚ ከኣ ሓዲሽ ተርእዮ ኮይኑ ዳርጋ ንኹለን ሃገራት ዓለም ዚትንክፍ ጕዳይ እዩ። ኣብ ውሽጢ ሃገራት ዘጋጥም ምምዝባል፣ ዶብ ሰጊርካ ምግዓዝ፣ ብሕግን ብዘይሕግን ምንቅስቓስ ብዝተፈላለየ ጸገማትን ምኽንያታትን ዝተደረኸ ኵነት እዩ።

ናብ ርእስና ማለት፣ ናብ ሃገርናን ሕዝብናን ክንጥምት ከሎና ድማ፣ እዚ ተርእዮœዚ ብፍላይ እዚ ናይ ስግር-ባሕሪ ስደት፥ ኣብ ዛንታ ኣቦታትን ኣቦሓጐታትን ዘይጸንሓና፣ ዘይሰማዕናዮ፣ ኣብœዘን ናይ መወዳእታ 40 ዓመታት ዝተኸሥተ ነቲ

ዘጋጠመ ፖለቲካዊ ጸገማትን ስዒቡዎ ዝመጸ ማኅበራውን ኤኮኖምያውን ሃለዋት ተኸቲሉ ዝተበጋገሰን፤ ቀጺሉ ዝተንቀሳቐሰን ምኳኑ እዩ።

ካብ'ቲ ገሊኡ ናይ ስደት ኣወንታዊ ውጽኢታቱ ንምዝካር-ሕዝብታት ኪፋለጡ ዕድል ይህብ። ኣብ ዕለታዊ ሕይወትን፣ ንብረትን ከኣ ኣብ መንጎ ሕዝብታት ናይ ተዋስኦ (ዲያሎግ) መንፈስ ይምዕብል። ናብ ሥምረትን ኅብረትን ከኣ ይመርሕ። ስደት ብመንፅር ዝተፈላለየ ሥልጣኔታት ኪረአ ከሎ መምጽኢ ሃብትን በርከትን እውን እዩ። ብኻልእ ወገናት ድማ ስደተይናታትን ተቐበልትን (ደቀባት) ተኸባቢሮም ተፋቒሮም ተጸዋዊሮም ኺነብሩ ከምዚኽእሉ ዘረጋግጹሉ ዕድል ወይ ቤት ትምህርቲ'ውን እዩ።

## ጸገማት ስደትን ሳዕቤናቱን

**6.** ናብራ-ስደት ከይፈቶኻ ዚምረጽ ምኳኑ፤ ካብ ቤትካን ስድራቤትካን ወጺእካ ብዘይትፈልጦ መንገድን ኣገባብን፣ ናብ ዘይትፈልጦ ዓድን መደብን ምብጋስ ዘምጽኦ ጥርጥርን ስግኣትን ፈተናታትን፣ ክንየው'ቲ ግዙፍ ጸገማትን ድኻማትን ዘስዕቦ ናይ ኅሊና ነውጽን ተርባጽን...ስነልቦናዊ ሃለዋቱ መሪር እዩ። ነፍስወከፍ ካባኹም በዚ መስርሕ'ዚ ዝሓለፈ ስለዝኾነ ብዛዕባ'ዚ ነናቱ ዚብሎን ዜዘንትዎን ጽዋ ከምዘለዎ ግልጺ እዩ። ኣብ ዓዲኻና ሰሪሕካ ርኺጽካ፣ ካብ ባዶ ተበጊስካ ሕይወትካ፣ ሕይወት ስድራቤትካ ክትሓንጽ ሳዕልን ታሕትን ምባል፤ መጠን ክንደይ ዚኣክል፣ መንፈሳውን ሥነልቦናውን ድኻም፣ ጽምዋ... ከምዘለዎ ኣይከሓድን፣

ኣብ ገሊኡ'ውን ብሰንኪ'ቲ ጽንኩርን ዘይንጹርን ዝኾነ ጉዕዞ-ስደት፣ ብቑዕ ዝኾነ ሰነዳትን፣ ናይ መንበሪ ፍቓዳትን ብዘይምርካብ ዚመጽእ ሰንፈላል ዝዓብለሎ ኣካይዳ፤ ብምኽንያት ሰነዳትካን ናይ መንበሪ ፍቓዳትካን፤ ብሰንኪ ዋሕዲ-ትምህርትኻን ተመክሮኻን፣ ኣብ ዝተሓተን ዝጸገመን ሃለዋት-ስራሕ ተዋፊርካ ምስራሕ ብኅሊና ዘይተዓግበሉ፤ ብጥዕና እትጉደኣሉ ሃለዋት ዜጓንፍ እዩ።

## ሞራልን፥ ሰብኣዊ ሕይወትን

**7.** ድልዱል ስድራቤት ዝዓንድማእከሉ፣ ኣብ ፍርሃት-እግዚኣብሔር ዝተመርኰሰ፣ ኣብ ፍቕርን ክብርን ወድሰብ ዝተሓንጸ ኅብረተሰብ ዓቢኻን ተኾስኲስካን፤ ካብ'ዚ

ድልዱል መዕበያ ዝተቐበልካሉ ወጺእካ፥ ኣብ ዓድ-ጓና ዓዲ-ስደት ምንባር ማለት፥ ካብ ባሕሪ ወጺኡ ናይ ዚነብር ዓሣ ሕይወት ኪመስል፤ ምእንትœዚ ከኣ ናይ ሞት፣ ናይ ሕየት ቃልሲ ከካይድ ንቡር ይኸውን። ልዕሊ ኵሉ ድማ እዚ ቃልስœዚ ኣብ መንፈሳዊ ሃለዋትን ኣብ ናይ ጎሊና ኵነታትን ዜጋጥም እዩ። ከም ውጽኢቱ ከኣ ኣብ ግዙፍ ናይ ዕለታዊ ሕይወት መነባብሮ ይንጸባረቕ። ነቲ ዝዓበኻሉ መምርሒ ሕይወትን መደብ ሰብኣውነትን ተኸቲልካዶ ምኻድ የሓይሽ? ወይስ ንከባቢኻ ምምሳል? ከምœታ እናናሳዕ መልክዓ እትለዋውጥ ነፋሒቶ ምስ ከባቢኻ ምልውዋጥዶ ወይስ ነታ ዝነበረትካ ከይለወጥካ ምዕቃብ? ኣብ ዓደይ ኣብ መንነ ስድራቤተይ ዘይምገበርክዎ፣ ኣብœዚኸ ክገብሮ ጎሊናይ የፍቅዶዶ? እዝን ካልእ ዚመስሎ ውሽጣውን ግዳማውን ክትዓት ጸዊርካ ዚኸየደሉ እዩ።

**8.** ብመንፈሳውን ባህላውን ማኅበራውን መዳያት፣ እቲ ስደተይና ንዝነበሮን ሒዝዎ ንዝመጽኣን፣ ነቲ ኣብ ዓዲ-ስደቱ ዘጓንፎ መነባብሮን ብደረጃ ስነሓሳብ ይኹን ብተግባር ብኸመይ የላፍኖ? ክሳብ መጠን ክንደይ የወሃህዶ? ጨሪሽካ ናትካ ገዲፍካ ኣብ ናይœቲ ዘኣንግደካ ሕዝብን ዓድን ኵነታት ምስጣም ዘምጽኦ ጸገማትን ናይ መንነት ቅልውላዋትን ፈጺምካ ማዕጾኻ ብምዕጻው ኣይርኢ ኣይሰምዕ ኢልካ፤ ኣብ ከባቢኻ ምስ ዚርከብ ዝኾነ ናይ ዲያሎግ" (ተዋስኦ)፤ ናይ ምሃብ ምቕባል መደብ ዘይተካይደሉ ዕሙት ኣገባብከ ኣበይ ከብጽሕ እዩ?... ስለœዚ እቲ ሕይወት ብቐሊል ዘይግመት፣ ዚርኣን ዘይርኣን ጸገማት ተጻዊሩ ሰጊሩ ዚካየድ ብርቱዕ ሕይወት እዩ።

ምስዚœውን ኣብ ውሽጢ ስድራቤት፣ ዘጋጥም ናይ ዕድመን ኣተሓሳስባን ፍልልይ፥ ነቲ ምዕራባዊ ሥልጣኔን ቅዲ-ሕይወትን ምስቲ ዝጸንሓካ ልምድን መንገድን ኣወሃሂድካ ካብ ዘይምኽኣልን ዚመጽእ፥ ቀሊል ዘይኮነ ግርጭታት ከይዘከርናዮ ኣይንሓልፍን። ብሰንክœዚ ክንደይ ሓዳር ዘይተበተነ! ኣብ ክንደይ ወለድን ውሉድን ዘይምርድዳእ ዘይተፈጥረ!!

## ኣብ እዋን ስደት ዚህሰዩ ወገናት፥

### *ሥድራቤት*

**9.** ኣብ ሃለዋት-ስደት እቲ ብዝለዓለ ደረጃ፤ ውሽጣውን ግዳማውን፤ ግዙፍን መንፈሳውን ጸገማት ዚቕበል ስድራቤት እዩ። በዓልኪዳን ካብ በዓልቲ-ኪዳኑ፣

በዓልቲኪዳን ካብ በዓልኪዳና፣ ወላዲ ካብ ውሉዱ፥ ወለድን ውሉድን ዚፈላለዩሉ ኵነታት ዜስዕብ እዩ፥ እዚ ጽምዋን ተነጽሎን ንርእሱ ዜምጽኦ ጠንቂ ኣለዎ። ልዕሊ ኹሉ ሓድነት ስድራቤት፣ ሓድነት ኪዳናዊ ሕይወት ዚህሰየሉን ዚቈስለሉን ሃለዋት ይኸውን። እዚ ጸገምœዚ ከኣ ኣብœቲ ናብ ሕይወት-ስደት ገጽካ እትገብሮ ጕዕዞ ስድራቤት ክሳብ እትተኣኻኸብ ዚርአ እንኪኸውን፥ ድሕሪ ምትእኽኻብœውን ሰሪሕካ ንኽትነብር ኣብ ዚግበር ጻዕሪ፣ ናይ ሰዓታት ስራሕን ዕረፍትን ዘይምግጥጣም ብዘምጽኦ ጸገማት ከይተራኸብካን፣ ፍቕርን ሓድነትን ከየስተማቕርካን ከይጸገብካን ዚንበረሉ ሕይወት ይኸውን።

ተነጽሎን ጽምዋን፣ ካልእ ናይ ማኅበራዊ ሃለዋት ጽልዋን፣ ብዘምጸኦ ተጽዕኖውን ሓድነት-ኪዳንን ስድራቤትን ኣብ ጠንቂ ኣብ ዚወድቀሉ ኵነታት፣ -ኣብ መንጎ ሰበኺዳን ፍትሕ፣ ኣብ ወለድን ውሉድን ዘጋጥም ዘይምርድዳእን ዘይምውህሃድን፥ ከም ሳዕቤኑ ሓሺሽ፣ ቈጽለመጽሊ ኣልኮሆል ካልእ ዚመስሎ ነገራትን የስዕብ።

ኣብ ማእከላይ ዕድመ ዕጫ-ስደት ዝጠዓሙ ደጊም ናብ ሽምግልና ገጾም ዚገማገሙ ወገናትና ከምዘለዉœውን ፍሉጥ እዩ። ድኻምን እርጋንን ዜንጸላልዎም፥ ዚጽበዮም ዘሎ ጽምዋን ተነጽሎንœውን ቀሊል ከምዘይኮነ ይርደኣና። ናብœቲ መበቈሎምን መዘናታቶም ዚረኽቡሉን ዓዶም ከመዓድዉ ከኣ ንቡር እዩ። ኣብœዚ ኵነትœዚ ዚርከብ ናብœቲ ልቡ ኪዓልበሉን፣ ረሓት ኪረኽበሉን ዚኽእል ንዓዱ፣ ንምምላስ ትብዓት ኬሕድር ጽቡቕ ምኾነ።

## ደቀንስትዮ

**10.** ናይœዚ ኹሉ ጸገማት ኣውራ ተሸከምትን፣ ሥነልቦናውን ግዙፍን ድኻምን ጸገምን ጸወርትን ግና ደቀንስትዮ እየን። ኣርዑት-ስደት ኣውራ ዚኸብደሉ ከኣ ኣብ ዝባን ጓለንስተይቲ እዩ። እዚኣተን ከኣ እተን ኣብ ሥሩዕ ኪዳናዊ ሕይወት ዝተጸምዳ ብመጠኑ፤ ኣውራ ግን እተን ኣብ ሥሩዕ ናብራ-ሓዳር ዘይተጸምዳ፤ ብውልቀን ኮይነን ሰሪሔን ኪነብራ ዚጽዕራ፤ ሓዳር ፈቲነን ብዝኾነ ይኹን ምኽንያት እቲ ኪዳናዊ ጉዕዞ ዘይሠመረ ኮይኑ ብውልቀን ሕይወተንን ሕይወት ደቀንን ኪመርሓ ዚቃለሳ፤ እተን ካብ ኪዳን ወጻኢ ብዝኾነ ኣገባብ ኣብ ውላድ በጺሐን፤ ሕጂ ውሉደን በይነን ዜዕብያ ..እዚኣተን ኵለን ሰሪሔን መነባበሪኤን ኪሕዛን ከመሓይሻን ዚቃለሳ፤ ናይ ሰብኣይን ሰበይትን ዕማም ዚፍጽማ እየን።

እተን ኣብ ሓዳርን ንቡርን ከይበጸሓ፤ ንውልቀን ዚነብራ ዘለዋ፥ እዚኣተንœውን ኣብ ከመይ ዝበለ ጽምዋ ከምዚነብራ፥ ኣውራ ድማ ንዚመጽእ ዝኸበደ ከምዜጓንፈን ብሕጂኡ ዚፍለጥ እዩ። ነዚ ኹሉ ኪፍውሶ ዚኽእል፥ ሓድሕዳዊ መንፈስ ምርድዳእን፣ ምትሕግጋዝን (solidarity) ዜማዕብል፥ ነቲ ናይ ኣዴታትና ልምዲ ዝተኸተለ ናይ ናእሽቱ ማኅበራት ምጥርናፍ ኪዝውተር ጽቡቕ ምኾነ፥ ልዕሊ ኹሉ ግን፥ ኣብœቲ ሓደ ኣምላኽን ኣብœቲ ንሱ ዝለኣኾ መድኃኒና ዝኾነ ኢየሱስ ክርስቶስ ምጽጋዕ እዩ። ኣብኡ ዘሎና እምነት ኣደልዲልና፣ ብፍቕሪ-ኣምላኽን ፍቕሪ ብጻይን በሲልና፣ ብተስፋ ንበርትዕ።

ንኹሉ ብዓይኒ ወርቅን ጨርቅን፤ ብዓይኒ ገንዘብን ርካብን ጥራሕ ዚመዝን፤ ብግዳማዊ ናጽነትን ግዙፍ ምንቅስቓሳትን ጥራሕ ዚጥምትœምበር፤ ንውሽጣዊ ናይ መንፈስ ምልኣትን ናይ ጓለንስተይቲ ግርማ-ሞገስን ኣብ ግምት ዘየእቱ፤ ብሕይወታን ክብረታን ዚንግድ ምዕራባዊ ዓለም፥ ንኣዋልድናን ኣኀትናን ኣብ'ዚ ሃለዋትœዚ ምንባር፣ መጠን ክንደይ ጽንኩርን ንመደብ ኅሊና ዚትንክፍን ምዃኑ ርዱእ እዩ። ኣብ ከምœዚ ዝበለውን ወትሩ ኅልናና ከይሸጥና መንነትና ከይለወጥና፣ በታ መስመር እምነትን፥ ናይ ኣቦታትን ኣደታትን መዕበያን ተኸቲልና ምኻድ እዩ ዜዋጽኣና። ንግዜያዊ ባህታን ደስታን ክንብል ነቲ ክብረትና መንነትና ኣብ ዋጋ ዕዳጋ ከነውርዶ የብልናን።

## መንእሰያት

**11.** ከምኡ'ውን እቶም ብሕፃናቶም ካብ ዓደቦኦም ወጺኦም፣ ወይ ከኣ ኣብኡ ተወሊዶም ዝዓበዩ መንእሰያት፤ ብደምን ትውልድን ናይ መበቈል ዓዶም፣ ብመዕበያን ልምድን ከኣ ናይ'ቲ ከባቢኦም ኮይኑ ዚስምየም፤ ሓዲግ ኮይኖም ኣብ ከቢድ ጸገም ከምዘለዉ፣ ርኡይ እዩ፥ እቲ ኣዝዩ ዜሰክፍ ድማ ዚበዝሕ ኣብ ስደት ዘሎ ሕዝብና ኣጎዙ ወገን መንእሰይ ዚዛይደሉ ም'ኳኑ እዩ። እዚ ከኣ ዓበይቲ ሕቶታትን ግድላትን የስዕብ። መንእሰያትና ናብ'ቲ ግልጽን ርጉጽን ዘይኮነ መጻኢ ኵነታቶም ገጾም ኪሰጋገሩ ከለዉስ ዚኣክል መበገስን መቃለስን፤ ትምህርትን ተመክሮን ደኾን ኣጥርዮም ይኾኑ? ርእሶም ክኢሎም ኪጕዓዙ ዘ'ክእሎም ተስፋ ኣሎዶ? ዚብል ስክፍታታት ዚሕድረልካ እዩ።

በዚ ዝተጠ'ቕሰ ም'ኽንያታት ዚኣክል ኣብ ቅብጸትን ምዕራብ-ንያትን በጺሖም፤ ናብ ሓሺሽን ቈጽለመጽልን፤ ዝገደደ ከኣ ናብ ቅትለት-ርእሲ ዚዝንብሉ ከምዘለዉ'ውን ምልክታቱ ዘርኣየ እዩ። በዚ ጸገማት'ዚ ዚህወ'ኹ ስድራቤታት ከምዘለዉ ርዱእ እዩ። ነዚ ፈውሱ እንታይ እዩ?፣ ኣብ መንፈስ ክርስትናን እምነትን ዝተመርኰሰ መደባት ኣብ ዚካየደሉ ማእከላት ምዝንባል፥ ከምኡ'ውን ምስ መበቈል ዓዶም ብዚግበር ርክብ ገለ ፈዋሲ ዝ'ኾነ መድረ'ኽ ኪፍጠር ይከኣል ይ'ኸውን ንብል።

# 2ይ ክፍሊ

## ብተስፋ በርትዑ፣ ውርሻኹም ዓቅቡ

**12.** ኣብ ሕገቀኖና ምሥራቓውያን (ቀኖና፣ ቍ. 27/28/148) ክምዜመልክቶ እቲ ናይ ምሥራቃውያን ሥርዐተ ኣምልኾ ናይ ኲላ ቤተክርስትያን ክቡር ሃብትን ርስትን ስለዝኾነ ብዚግባእ ኪሕሎ የማሕጽን። ንምሕላውœውን ዜድሊ መምርሕታት ኣለዎ (ቀኖና፣ ቍ. 39/40/41/150) ክምኡœውን ኲሎም ሰበሥልጣን ቤተክርስትያን (ጳጳሳት ካህናት....ናይœታ ዘለዉዋ ቤተክርስትያን) ኣብ ሰበኻኦም ንዚርከቡ ካልእ ሥርዓት ዝመበቈሎም ምእመናን ዜድሊ ምትሕብባርን ሓልዮትን ኪግበረሎም የማሕጽን፥ ዳርጋውን ይእዝዝ (192/1)። ክርስትያናዊ ሥርዓታቶም ንኪሕልዉ ዜኽእሎም ኲሉ ኪሕለየሎም (193/1)፥ ብዚከኣል ከኣ ካህናት መዲብካ ኪግበር ክምዚግባእ የማሕጽን። (193/2) እዚ ብወገን ቤተክርስትያን ካብ ተኣመመ፥ ብወገን ምእመናን ድማ ክምኡ ነቲ ዘሎካ ሃብቲ ኣብ ምዕቃብን፣ ነቲ ዚመጽእ ወለዶ ኣብ ምምሕልላፍን ዝተመርኰሰ ጻዕሪ ኪካየድ ይግባእ። ምእመናን ኣብ ዘለዉ ኣልዮም ኪጥርነፉ ከለዉ፥ ነዚ ኣብ ናይ ቤተክርስትያን መምርሒ ዚፈልጡ ወገናት ቤተክርስትያን ድማ ኣብ ኲሉ ግቡእኩምን ሥርዓትኩምን ንክትሕልዉን ንኽትስዕቡን ዜድሊ ምትሕብባር ከም ዚገብሩልኩም ጥርጥር የለን።

## ትምህርተ ክርስትና

**13.** ኣብ ዘሎኹም ሃሊኹም፥ ኣብ ኲሉ ነቲ ናይ ትምህርተ-ክርስትና መደብ ንርእስኹምን ንደቕኹምን በብዜድሊ ክትግደሱሉ ሓደራ ንብል። እዚ ነኣና ናይ ሕይወትና ክፍሊ እዩ። ናይ መንነትና መግለጺ እዩ። ኪዳንና ንክነጽንዕ፥ ፍርሃተ-እግዚኣብሔርን ኣኽብሮ-ሰብን ኪሰርጸና፥ ምሳናœውን ከሰንየና እንተኾይኑ ኣብ ድልዱል መሠረት ትምህርተ-ክርስትና ክንሕነጽ ይግባእ። ኣብ ሕይወትናœውን ብተግባር ዚንበር ናይ መንፈስ ክርስትና መንገድን ጠባይን ክንክተል የድሊ። "ክርስትና ናይ ዚመጽእ ዓለም እምበር፤ ናይœዚ ዓለምœዚ መጋበሪ ኪኸውን ኣይክእልን እዩ፥ ስለœዚ ኣብ

ጕዕዞœዚ ዓለምœዚ ክትዕወት ንመደብ ክርስትናን ትምህርቱን እንተዘይተገደስካሉ የሓይሽ"፣ ዚብል ዝንባሌ ጥራሕ ዘይኮነስ፣ ብግልጺ ከይሓፈሩ ዚብልዎ እዩ። ክርስትና ግን ተፃይ ቅኑዕ ኣእምሮኣዊ መምርሒ ኣይኮነን፥ ምእንትœዚ ከኣ እቲ ቅኑዕ ኣረኣእያኡ ንቅኑዕ መደብ ሥልጣኔ የሰጕም እምበር ኣየዓግትን እዩ። ርግጽ እዩ፥ መንፈስ ክርስትና ሒዝካ ምክያድ ፃዕርን ትብዓትን ቈራጽነትን የሓትት እዩ። ኣብ ታሪኽ ከም ዝተራእየ ከኣ ዓበይቲ ተግባራት ዚፍጸም፣ ትግሃት ቈራጽነት ምስ ሓዝካ ጥራሕ እዩ።

ስለœዚ ነቲ ግቡእን ብቑዕን ናይ ክርስትናዊ ሕይወት ሥነምግባርን መደብ ሕይወትን ብዚግባእ ክትስዕብዎ ሓደራ። ኣብ ብሉይኪዳን ናይ ዚርከብ፣ ናይ ጦቢት ታሪኽ ዘክሩ። ኣብ ዓዲጓና ኣብ መንጎ ኣረማዊ ሕዝቢ ኮይኑ፣ ነቲ ናይ ኣቦታቱ ቅኑዕ መሥመርን (ጦቢ.1፣ 17-21) ነቲ ናይ ሕጊ-እግዚኣብሔር መሠረታትን ከይሓደገ፣ እኳ ደኣ በኣኡ ክሳብ ዚልለ ዝሰዓቦን፤ ብዚግባእ ኣብ ግብሪ ዘውዓሎን እዩ። ንጥሙያት ኪዕንግል (ጦቢ.2፣ 1-14) ሕሙማት ኪበጽሕ ንምዉታን ኪቐብር፣ ንዝሓዘኑ ከጸናንዕ... ነቲ ግዙፍን መንፈሳውን ናይ ምሕረት ስራሓት ኪፍጽም ተረኺበ። ጦቢት፣ ዝተኸተሎ ሕይወት፥ ካብ ዓዱን፣ ዓውዱን ናይ ዝተፈልየ ሰብ ኣተና ዜንጸባርቕ እዩ። ንሱ ኣብœቲ ዝተሰደደሉ ሃገር ኮይኑœውን ሕጊ-ሃይማኖቱን መምርሒ እምነቱን ፈጸመ። በዚ ከኣ ነቶም ከቢቦምዎ ዝነበሩ ሰባት ኣብነትን ኣርኣያን ኮነ።

ምእንትœዚ ድማ ወለዲ ኣብ መደብ ትምህርተ ክርስትና ንደቅኹም ኣብነት ኩንዎም። ገሌኹምœኳ ቅድሚ ነዊሕ ዓመታት እሞ ብሕፃናትኩም ብዝተመሃርኩምዎ ጥራሕ ኢኹም እትናበሩ ዘሎኹምሞ፥ ዳግም ክትምለስዎን፣ ከተሓድሱዎ ብዝተፈላለየ መንገዲ ነዚ ዚሕግዘኩም መደባት ሃሰስ ክትብሉ ነዘኻኽረኩም። ንዚደሊ ድማ ኵሉ ይከኣል እዩ። ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ከኣ ኵልና ሕፃናት ብምኳንና፥ ንደቅና መሪሕና እንተተመሃርናœውን የመልክዕœምበር ኣየኽፍእን እዩ። ንመንግሥቲ ኣምላኽœውን *"ከም ሕፃናት ኮይንና" (ማቴ.19፣ 13-15፥ ማር.10፣ 14-16፥ ሉቃ.18፣ 15-1)* ኢና ክንወርሳ እንኽእል።

## ቃል ኣምላኽ ብርሃን-ሕይወትና

**14.** ኣብœዚ ዓለምœዚ ካብ ዘሎ ዝበለጸን ዝተመርጸን ጽሑፋት እቲ ቃል-ኣምላኽ ዝኾነ ቅዱስ መጽሓፍ እዩ። ኣብኡ ጥበብን ልቦናን፤ ምሕረትን ናይ ፍቕሪ መቐረትን፤ ናይ ሕይወት ዕላማን እንታይነትን፣ ዜደንቕ ትምህርትን ኣብነትን ይርከብ። ልዕሊ ኹሉ ግን ንናይ ወድሰብ ጉዕዞ ዚኸውን መንገድን ሓቅን ሕይወትን ኣብኡ ይርከብ። ስለዚ ኣብ መንጎቲ ሰፊሕ ምንቅስቓስኩምን እፎይታ ዘይህብ ጻዕርኹምን ንቃል-ኣምላኽ ጽን እትብልሉ ግዜን ኣጋጣምን ምድላይ ግቡእ እዩ። ነዚ ዚሕግዝ መደባትን መጋበርታትን ኣብœቲ ዘሎኹምዎ ዓድን ብናይœቲ ቦታ ቋንቋታት ከም ዘሎ ዘጠራጥር ኣይኮነን፥ ኣብዚœውን እንተኾነ በብዓይነቱ መንፈሳዊ መጻሕፍቲ ስለዘይሰኣን፥ ንዕረፍትን ቤተሰብ ንምብጻሕን ክትመጽኡ ከሎኹም ንመንፈሳዊ ጉዕዞኹም ብዚሕግዝ ነገራትን፥ እምነትኩምን፣ መንፈሳውነትኩምን ብዚሕደሰሉ መደባትን ክትግደሱ ይግባእ። ብርሃንኩም ኣይተጥፍኡ፥ ብተስፋ ከኣ በርትዑ። ኣበር ዘይብሎም ውሉድ ኣምላኽ ኮይንኩም ኣብርሁ¡ (ፊልጵ.2፣15)፤ ሓቂ ዘበለ፤ ርዝነት ዘለዎ ኵሉ፤ ቅኑዕ ዘበለ፤ ንጹሕ ዘበለ፤ ተፈታዊ ዘበለ፤ ሠናይ ዜና ዘለዎ ኵሉ‰.ብዛዕባœዚ ነገርœዚ ሕሰቡ¡ (ፊልጵ.4፣8)

## ሥርዓተ ኣምልኾ (መግቢ ሕይወት) እዩ

**15**. ኣብ ዝኸድካ ከይድካ ነቲ ዘይርሳዕ ከይትርስዕ ፃዕሪ የድሊ፥ ምስ ኣምላኽካ ዘሎካ ርክብ። ሰብ ብግዜያዊ ሃብትን ምቾትን ኪተዓሻሾ ኣይክእልን ልቢ ወድሰብ ከኣ ኣብቲ ዕላማኡ ዝኾነ ኣምላኽ እንተዘይኣዕሪፉ ቅሳነት ዚበሃል፣ ህድኣት ዚበሃል ኣይምረኸበን። ከመይ መዕለቢኡ ንሱ እዩ። ስለዚ መዕለቢና ከይጠፍኣና ምጥንቃቕ። ነዚ ምስ ኣምላኽና እንገብሮ ቀጻሊ ርክብ እንፍጽሞ ኣብ ሥርዓተኣምልኾ እዩ። ሎሚ ኣብ ምዕራባዊ ክፍለ-ዓለም ብዛዕባ ኑዛዜን መደብ ንስሓን ወይ ቍሩብ፥ ወይ ከኣ ፈጺሙ ዘይዝረበሉ ኩነታት እዩ ተኸሢቱ ዘሎ። እንተኾነ ግን ብጽምዋ ዝተበልዑ ደቅኣዳም፥ ነቶም ብብዙሕን ከቢድን ናይ ሕይወት ፈተናታት ዝተኸበቡ ሰባት፣ ቍሩብ ተስፋ እንተልያቶም ንሳ “ኑዛዜ” እያ። ነዚ እቶም ናይ ዘመናዊ ሥነፍልጠት-ሥነልቦና “ሳይኮሎጂ” መምህራን እውን ዘረጋግጽዎ እዩ።

ብንስሓ ዝተወልደትን ኣብ መደብ ንስሓ ዝዓበየትን ሕይወትኩም በሓቂ ደልዲላ፣ ኣብ ናይœዚ ዓለምœዚ ጐደናታት ሃዲኣ ክትጐዓዝ እንተኾይኑ *"ዝደኸምኩምን ጾር ዝኸበደኩምን ናባይ ንዑ፥ ኣነ ከዕርፈኩም" (ማቴ.11፣ 28)* ናብ ዝበለ ኢየሱስ ናብኡ ንምጻእ። *መንገድና ርሑቕን ጽንኩርን ምኳኑ ፈሊጥና ከኣ፥ "ነዊሕ መንገዲ ኣሎካœሞ ተንሲእካ ብላዕ" (1ነገ.19፣ 7)* ንዚብለና መልኣኽ-እግዚኣብሔር ሰሚዕና፥ ካብœቲ ኃይሊ ዚህበና፣ ንያት ዝኾነና ናይ ሥጋኡን ደሙን መግቢ-ሕይወት ንምርካብ ኣብ መሥዋዕተ ቅዳሴ ንሳተፍ። ነዚ ንምግባር ከኣ ግድን ዓበይቲ በዓላት ኣማዕዲና፥ ኣብœቲ ብሥርዓትናን ኣገባብናን ዚቐደሰሉ ጥራሕ ክንጽበ ኣይግባእን፥ ኣብ ጐድንና ኣብ ዘሎ ሥሩዕ ካቶሊካዊ ቤተክርስቲያን ግቡእና ክንፍጽምን፥ ምስ ኣምላኽና ክንራኸብን ይግባእ። ነዚ ዚሕግዘና ድማ፥ እቲ ናይ ሰናብትን ናይ ማርያም ኮነ፤ ናይ ቅዱሳን በዓላትን መሥርዕ ክንርስዮ የብልናን። ኣብœዚ እዋናትœዚ ናብ ኣምላኽና ከነድህብን፤ ነፍስና ክንፈቅድን የድሊ።

## ምጽዋት (ኣብ ሃገርኩም ንዘላ ቤተክርስቲያን)

**16.** ኣብ ታሪኽ ቀዳሞት ክርስቲያንን ቀዳመይቲ ቤተክርስቲያንን ከምእንረኽቦ፥ እቶም ኣብ ሥልጡንን፣ ሃብታምን ወገን ዝነበሩ ክርስቲያን *(ኣብነት፣ ናይ ቆሮንቶስ፣ 1ቆሮ.16፣ 3)* ኣብ ጽጉም ሃለዋት ንዝነበሩ ክርስቲያን፥ ብፍላይ ከም ኢየሩሳሌም ኣብ ዝበለ ቦታ ስደትን፣ ውርደትን ንዝነበሩ ክርስቲያን ገንዘብን ረድኤትን ይዋጻእ ከምዝነበረ ይንገር። ርግጽዩ መብዛሕትኹም ኣብœተን ዘእንግዳኹም ኣብያተ-ክርስቲያንን ሃገራትን ናይ ቤተክርስቲያን ግቡእ *(ኣብነት፣ -ጀርመን ንቤተክርስቲያን ብመልክዕ-ግብሪ ዚወሃብ ገንዘብ)* ብምክፋል በኣኡ ኣቢልኩምœውን ኣብቲ ሰፊሕ፣ ናይ ኲላዊት ቤተክርስቲያን መደብ ግብረሠናይ ትሳተፉ ኢኹም። ምስጋና ዚግበኦ እዩ።

ብፍሉይ ኣገባብ ከኣ፤ ነዛ ኣብ ሃገርኩም ዘላ ቤተክርስቲያን ማለት ንድሕነት-ሰብን ንረብሓ-ኅብረተሰብን፣ ኣብ እተካይዶ ስራሓት ኣብ ጐድና ኮይንኩም ክትድግፉዋ እንከነዘኻኽረኩም፥ ድሮ ቅድሚ ሕጂ ዝጀመርኩምዎ ጉዳይœምበር ሓዲሽ ነገር ኣይኮነን። ስለœዚ ከኣ ብናይ፣ ዝሓለፈ እናመስገንና፥ ንዚመጽእ ብዝተወደበን፥ ምናልባትœውን በቲ ማእከላይ ኣወሃሃዲ ቤትጽሕፈትና ኣቢሉ ብዚካየድን ውጽኢቱን ምዕባሌኡን ብዚግምገመሉ ንጹር ኣገባብ ንጥፈታትኩምን ሓገዝኩምን ኪቐጽል ጽቡቕ ምኾነ። ምእንትœዚ ብዝተወሃሃደ መልክዕ በብግዜኡ ብዚግበር ተበግሶታት ለጋስ

ኢድኩም ብምዝርጋሕ፥ ነዛ ኣብ ዓዲ ዘላ" *ንእሽቶይ መንሰ-ኣምላኽ*" ኣብ መደብ ጎልዮትኩም ክትጽንብሩዋ ከሎኹም እቲ ተረፍኩም ንጉደሎኦም፤ እቲ ተረፎም ከኣ ንጉደሎኹም፤ ኪምልእœሞ ማዕርነት ምእንቲ ኪኸውን ንጽሕፈልኩም ኣሎና¡ (2ቆሮ.8፣14)

እዚ እንብለኩም ዘሎና ዜድልየኩም ኵሉ ረኺብኩም ብሠናይ ተግባር ኵሉ ዕዙዛት ኮይንኩም ምእንቲ ክትርከቡ፤ ጸጋ ኬብዝሓልኩም¡ (2ቆሮ.9፣8) ብዚብል ሓሳብ እዩ። እቲ ንዘራኢ ዘርኢ ዚህብ ኣምላኽ፤ ዘርኢ ኪህበኩምን ኬበርክተልኩምን እዩ። ኵሉ ግዜ ለጋሳት ምእንቲ ክትኮኑ ብኹሉ ወገን ኬሃብትመኩም እዩ¡ (2ቆሮ.9፣9)

## ክርስትያናዊ ሰብኣዊ ሕንጸትን መዕበያን

**17.** ሎሚ ብዘሎ ኣተሓሳስባን ኣከያይዳን፤ ፍትሕን ርትዕን ሚዛናዊ ፍርድን ኣብ ኢድ-ኃያላትን ሰብ-ጒልበትን ሃብትን እዩ ዚረአ። ሎሚውን እንተኾነ ተሰማዕነት ዚረክብን፤ ንግዜኡ ዕዉት መሲሉ ዚረአን፤ እቲ ብስም ሞራልን ክርስትያናዊ ሥነምግባርን ዚምእዘዝ ዘይኮነስ ብብዝሒ-ሃብትን ብዓቕሚ ጒልበትን (ፖለቲካዊ ይኹን ካልእ ጽልዋ ዘለዎ)። ኣብ ከምœዚ ዝበለ ዓለም ምንባር፥ *"ስለምንታይ ክፉኣት ዚዕወቱ? ስለምንታይከ እቶም ቅኑዓትን ውጹዓትን ዚጥቅዑ....?* ዚብል ሕቶታት ምምጻኡ ዘይተርፍ እዩ፥ እዚ ሕቶታትœዚ እዚ ተርእዮœዚ "*መዘናኡ ንወድሰብ*" ኪበሃል ክሳብ ዚከኣል፥ ካብ ጥንቲ ዝጸንሐ፥ ጋናœውን ዚጸንሕን እዩ። ንወድሰብ ዜናውጽ ሕቶ እዩ። ግና ኣሰር-ክርስቶስ ዝሰዓበን፤ ኣብœዚ ጒዕዞœዚ እምነቱ ብምሕላው ዝተዓገሰን እዩ ኣብ መወዳእታ ዚዕወትœሞ፤ ብተስፋ ደኣ በርትዑ።

## ስድራቤት

**18.** ሎሚ ከም ሎሚ፣ ዚዓኑ ካብ ዘሎ ሓንቲ፣ እታ ዕርዲ-ኅብረተሰብ ዝኾነት ስድራቤት እያ። ኣብ መብዝሕትኡን እዘን ስደተይናታትና ዘለዉወን ሃገራት (ምዕራብ) ዘሎ ማኅበራውን ናይ ሥልጣኔ መደባትን ንስድራቤት ዜዕኑ ብዛዕባ ምኻኑ ባዕላቶም ዚእመኑሉ እዩ። ቤተ ክርስትያን ድማ ነዚ ዕንወትœዚ ደው ከተብል፥ ንስድራቤት ክትሓንጽ፥ ብዘሎ ኃይላ ምርብራብ እትገብረሉ ዘላ ግዜ እዩ።

እቲ ንስድራቤት ዚሽከም ዓበይቲ ኣዕኑድ፣ -ኪዳን-ስድራቤት-እናትነት-ኣባትነት፣ ወዘተ ዝነበሮ ክቡር ትርጒምን፣ ስምን ኣጥፊኡ ይርከብ። ብባህልና ብእምነት ክርስትናና፣ በዓል-ኪዳን/በዓልቲኪዳን ማለት"ኣሚን/ናይ ወጋሕታ/በዓልቤት/በዓልዕጫ..." ብምኳኑ ነኣኡ ብዜንጸባርቕ ክቡር ቃላት ከኣ ንገልጾ። ሎሚ ዚኣቱ ዘሎ ኣተሓሳስባ ግን "ናይ ዓርከ-መሓዛ፤ ናይ መጓዕዝቲ" ሓሳብ ብዘለዎ ንግዜያውነትን፣ ንተመናውነትን ብዚዕድም ቃላት ኪስመ ከሎ መልእኽቱœውን ንሱ እዩ። ነቲ ዘለዎ ክብረት መዝነትን ዜፋኽስ ዜነኣእስ እዩ።

ኣብ ውሽጢ ስድራቤትœውን በታኒ ዝኾነ፥ መስርዑ ዝተበለሸወ ሕቶ መሰልን ናጽነትን፤ ክንዲ ብለዓቱ ብብልሑ ዝተታሕዘ ጒዳይ ማዕርነትን፥ እዚ ኹሉ ንስድራቤት መሠረታታ ምሕዩ ዜናውጻን ዚብጽብጻን ካብ ዘሎ ሓደ እዩ። ስለœዚ ናይ ስድራቤት ኣርዑት ኃላፍነትን መዝነትን ዝደርበዩ፤ ብሓዲስ ናይ ገንዘብን ጣዕምን ምቾትን ኣምልኾ ተቐዪዶም፤ ምእንቲ ከብዶምን ዕለታዊ መንገዶምን ኪብሉ፥ ንኪዳንን ንኹሉ ዝሓዘሎ ቊምነገራቱን ይድርብዩ። ስለዚ ጥልመትን ፍትሕን፤ ብዘይገለ ኪዳናዊ መደብ ተጐዛጒዝካ ምንባር ነጊሡ፥ ክብረትን ኪዳንን ረኺሱ፣ ስድራቤት ከኣ መዓቊቦ ኣብ ዝሰኣነሉ ደረጃ ትርከብ። ንሕፃናት ዘይደናገጽ፣ እኳ ደኣ ንርኹስ ዕላማ ዚጥቀመሎም ንዝዓበዩን ብሕማም ንዝተመግደሩን ከየናሕሰየ ኪሞቱ ዚሕግዝ (ዩታናዝያ) በዚ ኹሉ ናይ ሞት ሃለዋት ዝተንጸላለወት ስድራቤት፣ ኣብ ሓደጋ ምህላዋ ዘካሕድ ኣይኮነን። *ነዛ ዓለምœዚኣ ኣይትምሰልዋ (ሮሜ.12፣ 2)* ንዚብል ቃል ጳውሎስ ንደግመልኩም።

እንተኾነ፣ *"ስድራቤት ኣብቂዑላ እዩ፣ ደጊም ኣይክትንሥእን እያ፥ ወዲቓ ሓቒቓ እያ"* ንዚብል ባህሊ ኣይንቕበልን። ምስœዚ ኹሉ ጸገምን፣ ጸበባን፥ ሕጂœውን ስድራቤት ህያብ-ኣምላኽ ምኳና ከምዘየጥፈኣት፤ ሕጂœውን ብቑራጽነትን ተወፋይነትን እትንበር፤ ሕጂœውን እታ ናይ ደቅኣዳም ኡንኮ ተስፋ፣ ንሳ ምኳና ብእምነት እነረጋግጾ እዩ። ጥራሕ ብተስፋ በርትዑ!!

## 19. ስድራቤት ህያብ-ኣምላኽ እያ

- ስድራ-ቤት ንዓሌትሰብ ዝሃባ ቀዳመይትን ባህርያዊትን፤ ናይ ኅብረተሰብ ዓይኒማይ ዝኾነት ህያብ እያ።
- ስድራቤት ብናይ ሰበኺዳን ሰብኣይን ሰበይትን ሓድሕዳዊ ፍቕርን ተወፋይነትን እትትከልን እትቕጽልን ህያብ እያ።
- ስድራቤት ሕይወት ክትቅበልን ክትህብን ከተመሓላልፍን፤ ናይ እናትነት ኣባትነት ህያብ ዝተቐበለት እያ።
- ውሉድ ህያብ-ኣምላኽ እዩ፥ ካብ ጽንሰቱ ኣትሒዙ ምስ መሰሉን፣ ክብረቱን ዘሎ እዩ። ዘርኢ ኪራኸብን ሰብ ኪሕነጽን ካብ ዝጀመረሉ ሰዓት፤ ደረጃ ዕብየቱ በብግዜኡ ዚምዘንœኳ እንተኾነ፤ ህላዌኡ ግን ኵሉ ምልኣትን ክብርን ዘለዎ ምሉእ ሰብ፤ ፍጡር እዩ። ነዚ ድኹም ፍጡር ብዘይ ንሕስያ ዚብድል፤ ገበን ይፍጽም።
- ሕይወት ስድራቤት በብዕለቱ ኣምላኽ ዚልግሶ ህያብ እዩ። ነዚ ህያብœዚ ንኽትበቅዕ ፍቕሪ-ትዕግሥቲ-መሥዋዕትነት ተወፋይነት...የሓትት። ንዓበይትን ንናእሽቱን ዚሓቑፍ ሓድሕዳዊ ፍቕርን ሓልዮትን ዚረኣዮ እዩ።
- ስድራቤት ንኅብረተሰብ ዝተዋህበት ዝበለጸት ህያብ እያ፥ ቤትትምህርቲ እያ። ንካልኦት ምኽባር ምክብባር ምትሕግጋዝ ምድንጋጽ ርእሰኻ ምግታእ፤ ኅልዮት- ሓድሕድ እትመሃረላ ቤት ትምህርቲ እያ።
- ብዝበለጸ ድማ ስድራቤት ናይ ክርስትናን ሓዲስ ስብከተወብጌልን ፍሉይ ህያብ እያ።
- ስድራቤት በቲ ብሥምረት እተዕርገ ጸሎት፤ በቲ ናይ እምነት-ሓድሕድ ምስክርነት በቲ ርኅራኄን ኅልዮ-ሓድሕድን ተቐባልነትን፥ ክርስቶስ ኣብ ዓለም ከምዚሰፍሕ ትገብር።

## 20. ህያብ-ኣምላኽ ወትሩ ተወፋይነትን ቈራጽነትን የሓትት

* ኣብ ውሽጢ ስድራቤት ሓድሕዳዊ ተገዳስነትን፣ ጎልዮትን ኪረአ ይግባእ ስለœዚ ብሓንሳብ ዚህልዉሉ፤ ብሓንሳብ ዚጽልዩሉ፤ ሓሳብ ሓድሕድ ዚለዋወጡሉ፤ እምነት ሓድሕድ ዚገልጹሉ ዕድል ኪህሉ ይግባእ።

* ኪዳን ልዕሊ ኵሉ፣ እዩ። ሰብኣይን፣ ሰበይትን ሓድሕዳዊ ፍጹም ተወፋይነት ዚፍጽሙሉ እዩ።

* ሥድራቤት ሕይወት ዚፍጠረሉን ዚዕቈረሉን ቅዱስ ቦታ (sanctuary of life) እዩ። እዚ ተግባርœዚ ከኣ ብናይœቶም ወለዲ ኃላፍነትን መንፈስ እምነትን ዝመልኦ ኣገባብን መደብን (responsible parenthood) ዚፍጸም እዩ።

* ኣብ ገለ ሃገራት ብመንፅር፣ ስደተይናታት፣ ደቀንስትዮ ንምምካነን ዚግበር (ብኣስ ገዳድ) ሓደገይና ስጉምቲœውን ከምዘሎ፥ ክንግንዘቦ ይግባእ፥ ኣኃትናን ደቅናን፣ ናይœዚ ግፍዕœዚ ግዳይ ከይኮና ምጥንቃቕ የድሊ።

* ካብ ኣባላቶም ናይ ሓሺሽን ቈጽለመጽልን ጸገማት ዘለዎም ስድራቤታት ናይ ምትሕግጋዝን ሓድነትን መንፈስ ኪልገሰሎም ይግባእ።

* ወለዲ ንደቆም ዝበለጸ ዝሓሸን ዝበልዎ ትምህርትን ቤትትምህርትን ኪመርጹሎም መሰሎም እዩ። ነኣኣቶም ኣወጊኑ ካልእ ኣተሓሳስባን ስምዒትን ዘሕድረሎም ኣካል ኪህሉ ኣይግባእን። ብዝኾነ ወገን ብመንግሥቲ ይኹን ብመራኽብ-ብዙኃን (ሚድያ) ኣብ ልዕሊ ውሉዶም ንዚግበር ዝኾነ ዓይነት ጽልዋ ብሃንሳሰለባም ኪሓልፉዎ ኣይግባእን።

* ንስድራቤት ኣብœዚ ኹሉ ቃልሳ ዓወትን ንያትን ዝኾና፣ ኣብ ሓድነት ዚጠምራ ኣብ ክርስቶስ ዘለዋ እምነት እዩ።

## 21. ስድራቤት ተስፋ ደቅሰብ እያ

ኣብ 1994 ርእሰሊቃነጳጳሳት ዮሓንስጳውሎስ 2ይ፤ ኣብ ሮማ ምስ ስድራቤታት፣ ኣብ ዝተራኸቡሉ *"ስድራቤታት! ንስኻትኩም ናይ ወድሰብ ተስፉን፣ ታሕጓስን ኢኹም"* ኢሎም ነበሩ። እዚ ኸሉ ኣብ ላዕሊ ዝተዘርዘረ ምስዚፍጸም ስድራቤት በሓቂ ናይ ኅብረተስብ መብራህትን መባኾዕትን ምኻና ዘይተርፍ እዩ።

ሃገራትን መላእ ኅብረተሰብ-ዓለምን ሰላም ኪረኽቡ እንተተደልዩ ናብ ስድራቤት ከተኰሩ ይግባእ። ጥዑያትን ቅኑዓትን ንካልእ ዚሓስቡ ምእንቲ ካልእ ዚውፈዩ፥ ኣገልገልቲ ሕዝቦምን፣ ሃገሮምን ዝኾኑ ብሱላት ዜጋታት ንኺህልዉኻ ስድራቤት ኪህልወካ የድሊ። ማይ ኣብ ዘይብሉ ዓሣ ዜንብር እንተዚልዩ እንድዒ። ስለዚ ከኣ ድልዱልን ብሱልን ዝኾነ ስድራቤት፣ ንሓደ ድልዱልን ብሱልን ኅብረተሰብ መሠረቱ እዩ። ስለዚ እዩ ከኣ ስድራቤት" ናይ ደቅሰብ ተስፋ ዝተባህለት።

## መንፈስ ውልቃውነትን፣ ጣዕምን

**(Consumism ;Pragmatism ; Individualism ;materialism)**

**22.** ሎሚ ኣብ ኲሉ ዚረአ ዘሎ ሕማቕ ዝንባሌ እንተዚልዩ፥ እቲ ንግዜኡ ጥራሕ ዚሓስብ፥ ንሕጂ ደኣ ይጥዓመኒዚምበር ካልእስ ባዕሉ ይፈልጥ ዚብል፣ ንመደብ ሓቅን፣ ሓሶትን እናደባለቐ ከከም ዚጥዕሞ ዚካየድ ተድላን ምቾትን ጥራሕ ሃሰስ ዚብል (Pragmatism) ነዊሕ ዘየማዕዱን ዘየስተውዕልን ብዚመጽእ ናይ ሞራል ጸገማትን፣ ውጽኢቱን፤ ናይ ኅሊና ምጕትን ዘይግደስ እዩ። ኣብ ዘይሞራላዊ ሕጊ-ዕዳጋን መኸሰብን ዝተመርኰሰ ኣገባብ፤ ናብ ኲሉ መዳያት ሕይወትካ ምውዓሉ ማለት እዩ። ኣብ ከምዚ ዝበለ ሃለዋት ንሰባትን ግድሎምን ኣወጊንካ ናብ ረብሓኻ ጥራሕ ተማዕዱ ማለት እዩ።

እዚ ንርእሱ ምስ ውልቃውነት (Individualism) ዝተኣሳሰረ ወይ፣ ፍላይ-ማንታኡ እዩ ኪበሃል ይከኣል። ስለዚ ንምዕባሌን፣ ንመኽሰብን ከም ልዕሊ ኹሉን፣ ቀዳማይን ነገር ካብ ምርኣይ ምጥንቃቕ፥ ቅድምና ንሰብን ንግድላቱን ጸገማቱን ምሃብ፣ የድሊ። ሰብሓዳር ነንሕድሕዶም፤ ንደቆም ንቤተሰቦም (ወለዲ፤ ኣኅዋት፤ ኣዕሩኽ፤ መሓዙት...) ተገዳስነት ምግባር ግቡእ እዩ።

ሕይወት ወድሰብ ክትከብር ይግበኣ። ስለœዚ ኣብ ናይ ደቅና ልደትን፣ ጥምቀትን፤ ኣብ ናይ ሕማምን ሞትን እዋን፥ እንገብሮ ተገዳስነትን ምፍቕቓድን፣ ኣብ ልዕሊ ሕይወት-ደቅሰብን ፍጥረት-ኣምላኽን ንዘሎና ክብርን ፍቕርን መግለጺኡ እዩ። በዚ ዝመጽአ ነቶም ካልኦት ሕዝብታት ብዙሕ እንምህሮም ከምዘሎና ፍሉጥ እዩ። *"ነቲ ጸቡቕ ግብርኹም ርእዮም፥ ኣብ ሰማያት ንዘሎ ኣቦኹም ምእንቲ ከመስግኑዎ፥ ብርሃንኩም ኣብ ቅድሚ ሰብ ይብራህ" (ማቴ.5፣ 16)።*

## ካብ ዝተጋነነ ብሔርነትን (ethnocentrism) ጸቢብ ስምዒትን ምጥንቃቕ።

> ኵልኻትኩም ብክርስቶስ ሓደ ኢኹም እሞ፤ በዚ ኣይሁዳዊ ወይ ግሪኻዊ የልቦን፤ በዚ ባርያ ወይ ጭዋ የልቦን፤ በዚ ወዲ ተባዕታይ ወይ ጓል ኣንስተይቲ የልቦን| (ገላ.3፣28)።

**23.** ሎሚ ንዓለም ዘስገኦ ካብ ዘሎ ሓደ፤ እቲ ካብ መሥመር ዝወጽአ ሕማቕ ዝንፉሱ ጸቢብ ስምዒት-ብሔርነት እዩ። ብመሠረቱ ኣምላኽ ዝፈጠሮ ሰብ ከኣ ካብ ሕፃንነቱ ጀሚሩ ኣብ ማኅበረሰብ ዓለም ዚጽንበረሉ ዝተፈላለየ ደረጃ ብምኻኑ፥ መሥመሩ ሓልዩ ኪካየድ ከሎ መሠረት ዕቤትን ሕንፀትን እዩ። መሥመር ምስዚስሕት ግን ከም ዘይወጽእ "ወልፊ" ወይ "ቈለ" (fanaticism) ይኸውን። ስለœዚ ከኣ መንነትካን መሠረትካን ንምግላጽን፣ ንምርግጋጽን እትገብሮ ጻዕሪ፥ ንኻልእ ቀ-ሊሕ ኢልካ ንኽይትርኢ ዚዓግት፥ ወይ ምስ ካልእ ንኽይትዋሳእ ዚገብር፥ ኣብ ልዕሊ ካልእ ጸብለል ንኽትብልን ተፈሊኻ ንኽትረአን ዚፈታተነካ እዩ። ናብ ዘይተጸበኻዮ ህልኽን ሕልኽልኽን ዜምርሕ ስለዝኾነ በኣጋኡ ጥንቃቐ ምግባር ዚመስሉዎ የልቦን። ምእንትœዚ ከኣ ብዝሒ-ዓይነት ናብ ሱታፌን ምትእኽካብን ደኣ ኪመርሕ ኣለዎœምበር፤ ናብ ህልኽን ምጥምማትን ኪኸይድ የብሉን። ነቲ ካልእ ከም ካልእነቱ" ምቕባል፣ እቲ ካልእ ዝሓሳቡ ዝምሳሉ...ከምዘለዎ ምቕባሉን፣ ምኽባሩን ማለት እዩ። መንፈስ ምጽውዋር ምክብባር ብሰፊሑ ኣብ ወጻኢ ዘሎ ሕዝብና ከማዕብሎን፥ ካብœቶም ዜኣንግድዎ ሕዝብታት ኪመሃሮን ዘለዎ እዩ። እቲ ብሓንሳብ ዝበቈለ ብሓንሳብ እንተማዕበለ እዩ ዜምዕረሉ።

ንኹሉ ዚሓቍፍ መንፈስ ካቶሊካውነት ኣብ መንጎኹም ኪዓዝዝ፥ ንኹሉ ከኣ ሚዛናውነት ብዘለዎ ኣገባብ በቦታኡ፣ ከተትሕዝዎ፥ ከም ሰብ መጠን ምስ ኩሉ ጣዕምን

ጽቡቕ ርክብን፥ ከም ደቅሃገር መጠን ርእይቶኡን እምንቶኡን ብዘየገድስ ምስ ዝኾነ ብኅውነት፥ ከም ደቅ-ሃይማኖት መጠን ከኣ ብኣብነትን ስኒትን ኅውነትን ምክያድ የድሊ።

ምስ ካልኦት ክርስትያን ኣመንቲ እቲ ናይ ደቅክርስቶስ ኅውነት ስምዒት ከነኅድር፣ ምስ ኣስላም ኣኅዋትናœውን፣ ምስ ኵሉ በብደረጃኡ ብምክብባርን ብምፍቓርን ክትካየዱ ሓደራ ንብለኩም።

ከም ናይœዚ መቐጸልታ ድማ፣ ኣብ መንጎ ሰብኣይን፣ ሰበይትን ኣባላት-ስድራቤትን፣ ቤተሰብን ከምኡ ዝበለ ናይ ምርድዳእን ምውስሳእን ምጽውዋርን መደብ ደኣምበር፤ ሓደ ኣብ ልዕልቲ ካልእ ጸብለልትነት ዜርእየሉ ኪኸውን የብሉን።

ኣብœቲ ብዝሒ ኣተሓሳስባን፤ ርእይቶን (Pluralism) ንዜንቀሳቕሰሉ ክፍሊ ዓለም ኮይንካ፥ ኣእምሮኻ ዓጺኻ ምክያድ ዘይከኣል እዩ። ምእንትœዚ ከኣ መንፈስ ተዋስኦ¡ ማለት ዲያሎግ¡ ግቡእን ኣድላዪን እዩ። ከይተዋሳእካ ሓሳብ ሓድሕድ ክትፈልጥ ዘይከኣል እዩ። ክትፍለጥœውን ኣይትኽእልን። ስለœዚ ከምቲ ኣምላኽ በብናትና ባህርይን ተፈጥሮን ገቢሩ ኪፈጥረና ዝደለየ፤ ንሕናœውን ከምኡ ነቲ ኣምላኽ ዝፈጠሮ ከነኽብሮ ክንሠምሮ፤ ምእንትœዚ ከኣ ሓድሕዳዊ ምክብባርን ምጽውዋርን ከነጥሪ ይግባእ።

# መዛዘሚ

**24.** ኣብ'ዚ ሰብኣዊ ባህልናን፤ ክርስትያናዊ መበቈልናን ተተ'ኺልና፣ ብሞራላዊ ምልኣት (moral integrity) ክንዕንብብ ከሎና፣ እቲ ፍረና ጥዑም መኣዛ ኪኸውን፤ እቲ ብርሃንና ከኣ ጩራኡ ኪዝርግሕን ን'ኻልእ ኬብርህን ግዲ እዩ። ከመይ ንሕና *"ናይ ክርስቶስ ጥዑም መኣዛ ኢና" (2ቆሮ.2፣ 15)* ይብል ቅ.ጳውሎስ። ቀጺሉ'ውን እዚ ሓዋርያ'ዚ፣ እንኪምዕደና ከም'ዚ ይብል። *"....ምእንቲ ናይ ገዛእ ርእስኹም ድኅነት ስርሑ...ከም'ቲ ከዋኽብቲ ኣብ ዓለም ዜብርሁ ንስ'ኻትኩም ከእ ኣብ ማእከል'ዛ ቆናንን ጠዋይን ወለዶ'ዚኣ ኢንታ ዘይብሎም ንጹሓትን ኣበር ዘይብሎም ውሉድ-ኣምላኽን ኮይንኩም ኣብርሁ"(ፊልጵ.2፣ 12-15)።*

ነዚ መዝነትን፣ ተልእኮን ንምፍጻም ድማ፣ ኣብቲ ዘሎ'ኹምዎ ቦታ ኣብ ትርከብ ካቶሊካዊት ቤተክርስትያን ተሰ'ኹዕኩም ክትጫልዱ ሓደራ ንብል። ቤተክርስትያን ካቶሊካዊት እያ ማለት፤ ኣብ ኵሉ፣ ን'ኵሉ እትሓቍፍ እያ። ስለዚ ኣብ ዘሎ'ኹም ኣሊ'ኹም፣ ናይ'ታ ከምዚ ዝበለ ፈራዪትን ጸጋይትን ሓላይትን ዝ'ኾነት ኣደ ውሉዳ ም'ዃንኩም ይሰማዕኩም።

ነቲ ባህላውን ሕንፀተሰባውን (ካልቸራል) ውርሻ'ኹም ምሕላው ማለት፣ ካብ ካልኦት ንምርሓ'ቅን ን'ኻልእ ንምስትንዓ'ቅን ዘይኮነስ፣ ዘሎኩም ሃብተ-ርስቲ ሒዝኩም ናብቲ ናይ ኣኅዋት ርክብ ክትኣትዉ ከሎ'ኹም ኣበርክቶ'ኹም የዓዝዝ፤ ነቶም ካልኦት ኣብቲ ጕደሎኦም ትምልኡሎም፤ ንስ'ኻትኩም'ውን ካብኣቶም ገለ ተቐቢልኩም ጕደሎ'ኹም መሊእኩም ዝሃብተምኩም ትኾኑ (2ቆሮ.8፣ 14)። ምእንት'ዚ መንፈሳውን ሰብኣውን ሃብት'ኹም ክትዕቅቡ እትገብርዎ ጻዕርን ትግሃትን፣ ኣብ ማዕጸ'ኹም ን'ኽትዕጸዉ ዘይኮነስ፤ መንነትኩምን ትሕዞ'ኹምን ኣደልዲልኩም ኣብ ናይ ቤተክርስትያንን፣ ናይ ሕዝብታትን ሃብቲ ን'ኽተፍስሱ፣ ንስ'ኻትኩም'ውን ካብኡ ገለ ን'ኽትሓፍሱ ብዚብል ኅልና እዩ።

**25.** ኣብ'ዚ ዘሎ'ኹምዎ ሃገራትውን ሰላምን ህድኣትን ንኪ'ኸውን ብዘሎኩም ዓ'ቅሚ ከተበርክቱ፥ ህላዌ'ኹም ከኣ ወትሩ ናይ ሰላምን፣ ናይ ሠናይ ድልየትን መርኣያ ኮይኑ ኪርከብ ይግባእ። ኣብ'ዚ እግዚኣብሔር ክትናበሩሉ ዝመደበልኩም ዓድን መንገድን

ወትሩ ነቲ ንሱ ዚደልዮ ሃሰስ ክትብሉ ንምዕደኩም። ቅድሚ 2587 ዓመታት ነቢይ ኤርምያስ ነቶም ኣብ ባቢሎን ዝነበሩ ደቂ እሥራኤል ዝጸሓፈሎም ቃል እነሆ፦

*...እግዚኣብሔር ጐይታ ሠራዊት ኣምላኽ እሥራኤል፥ ንኹሎም ካብ ኢየሩሳሌም ተማሪኾም ናብ ባቢሎን ዝኸዱ፣ ከምዚ ይብሎም ኣሎ፥ ቤት ስርሑœም ተቐመጡ። ኣታኽልቲ ትኸሉœም ፍሬኡ ብልዑ። ኣንስቲ ኣእትዉ፥ ኣወዳትን ኣዋልድን ውለዱ። ነወዳትኩምን ነዋልድኩምን ከኣ ኣመራዕዉዎም። ንሳቶም ድማ ኣወዳትን ኣዋልድን ይውለዱ። ኣብœቲ ዘሎኹምዎ ብዝሑ ደኣምበር ኣይትውሓዱ። ነተን ተማሪኽኩም ናባኣተን ከምትኸዱ ዝገበርኩኹም ከተማታት ንሠናየን ደሓነን ስርሑ። ንሳቶም እንተሃብተሙ ክትህብትሙ ኢኹምœሞ ምእንታኣቶም ናባይ ናብ እግዚኣብሔር ጸልዩ፥ (ኤርም.29፣ 4-7)።*

## 26. ንሥድራቤታት

ብሓዋርያዊ ጎልዮትን ፍቕርን ተደሪኽና ንሕና ካቶሊካውያን ጳጳሳት-ኤርትራ፣ እዚ ቃል-ተስፋን ምጽንናዕን ናብ ኵለን ኣብ ወጻኢ ሃገራት ዘለዋ ካቶሊካውያት ስድራቤታትን ውልቀሰባትን ንሰድድ ኣሎና። ሓደ ካብœቲ ቀንዲ ሓሳብ-መልእኽትና ድማ፣ ተስፋናን ቈላሕታናን ኣብœታ ብመንፈስ-ክርስትና ተመሪሓ፤ ብወንጌል በሪሃ እትንቀሳቐስ ስድራቤት ምኳኑ ምግላጽ እዩ። እዛ ስድራቤትœዚኣ ንኣባላታ እትሕብሕብን እተዕቍብን፣ ተስፋን ፍቕርን እምነትን እትምግብ ክትከውን ከላ፤ ንመላእ ሃገርን ኅብረተ-ሰብን ከኣ ምኽንያት በረኸት ክትከውን ግዲ እዩ። ናይ ስድራቤት ሕይወትን ሃለዋትን ኪምዕብልን ኪድልድልን ዚከኣል ዘበለ ኪግበር የድሊ።

ስለœዚ ካቶሊካውያን ምእመናን ኣብ ስድራቤትን ኣብ ናይ ቃልኪዳን ዕቤትን ክብረትን ዘሎኩም እምነትን ግምትን ካብœቲ ግቡኡ ከይወርድ ምጥንቃቕ የድሊ። እኳደኣ ነቲ ኣብኡ ተደጒሉ ዘሎ ሙቐትን ብርሃንን ንምርካብ ቀጻሊ ጻዕሪ ክትገብሩ ይግባእ። ኣብœቲ ዝጸንከረን ዝመረረን እዋንœውን እንተኾነ፤ ንሕይወት ስድራቤትና ከም ሓደ ክቡር ዕንቍ ብምርኣይ፣ ንምዕቃቡን ንምዕንባቡን ከኣ ዝኾነ ይኹን ዋጋ ኪኽፈለሉ ይግባእ። ንደቅኹምœውን ናይ ውፉይ ሕይወት (ድንግልና፤ ምንኵስና) ክህነትን መደባት ናይ ሕይወቶም ትርጉም ኪህቦም ከምዚኽእል፣ ተመሊሶምœውን ከገልግሉኹም ከምዚኽእሉ ሓሲብኩም፤ በዚ ከኣ ኣብ ሥድራቤትኩም ገለ ናይ ጸዋዕታ ተበግሶ ኪግበር ነማሕፅን።

ነቲ ብስድራቤት ኣቢሉ ዝመጽኣና ሰብኣዊ ክቡር ውርሻ ናብ ዳሕረዎት ወለዶ ከነመሓላልፎ ከምዘሎናœኳ ዘካሕድ እንተዘይኮነ፣ ነዚ ዕማምœዚ ኣብ ምፍጻም ግን ከመይ ዝበለ ሓያል ጻዕርን ትግሃትን ከምዚሓተና ፍሉጥ እዩ። እቲ ዝተመሃርኩምዎ ትምህርተ-ክርስትና ከኣ፣ ኣብ ከምœዚ ዝበለ ጽንኩርን ፈታንን እዋናትን ቦታታትን፤ መግለጺ መንነትኩምን መምርሒ ሕይወትኩምን እዩ።

ንደቅኹም ብትዕግሥቲ እናመራሕኩም፥ ርኡይ ዝኾነ ኣብነትን ትምህርትን ኣብ ምሃብ ደኣምበር፥ ግዙፍ ጣዕምን ምቾትን ኣብ ምቕራብ ጥራሕ ኣይትደረቱ። ነቲ መሠረታዊ ዝኾነ ሰብኣውነትን፣ ክብረትን ናይ ሞራል ምልኣትን ደኣœምበር፥ ነቲ “ብዝጨበጥካዮ ወይስ ብዝበጻሕካዮ ትግመት” (you are what you achieve) ዚብል ዝንባሌ ግጉይ ምኳኑ ኣስተውዕልሉ።

## 27. ንመንእሰያት

> ኣቱም ኣጒባዝ፤ ብርቱዓት ስለ ዝኾንኩም ቃል-ኣምላኽ ኣባኻትኩም ይነብር ስለዘሎን፤ ነቲ እኩይœውን ስለ ዝሰዓርኩምዎን፤ ጽሒፈልኩም ኣሎኹ¡ (1ዮሓ.2፣14)

*መንእሰይ ኢሉ ሓደœኳ ከይንዕቀኩም¡* (1ጢሞ.4፣ 11) እቲ ግዜኹምን ሃለዋትኩም ዚሓቶ ሠናይ ዘበለ ኵሉ መሊእኩም፣ ብክርስትናኹም ተመሪሕኩም ክትካየዱ ይግባእ። ነቲ ካብ ወለዲ ክትወርሱዎ ዚግበኣኩም፣ ናይ እምነትን ተስፋን ፍቕርን መደብ ተኸቲልኩም፥ ነቲ ዝተቐበልኩምዎ ንስኻትኩምœውን ንኻልኦት ኣረከብቲ ኮይንኩም ክትርከቡ ሓደራ ንብል። ሎሚ ንዘሎ ዓለም ሒዙዎ መጺኡ ዘሎ ጸገማትን ተስፋ ዜቖርጽ ሃለዋቱን ክትሰግሩዎን ክትስዕርዎን እትኽእሉ ከኣ ኣብ መደብ-እምነት እንተተተኸልኩም እዩ። ንዓለም ዝሰዓራ መድኃኒኹም ክርስቶስ እዩ ዚጽወዓኩም ዘሎ።

ኣምላኽ ንዝሃበኩም ጸጋ-ሕይወት፣ ብምልኣት ክትነብርዎ ነተባብዓኩም። ኣብ ቤተክርስትያንን ኣብ ማኅበረሰብን ከኣ፤ ሕይወት ዘለዎም ንቑሓትን ንጡፋትን ኃላፍነት ዚስመየም ኣባላትን ኮይንኩም እጃምኩም ኣበርክቱ። ካብ ሕይወት-ወድሰብ ንእግዚኣብሔር ከወግድ ንዚደልን ዚህቅንን ኣተሓሳስባን መደብን ብተግባር

ክትነጽጉዎን፣ ነቲ መንገድን ሓቅን ሕይወትን ዝኾነ ክርስቶስ ኣብ ዓለም ክትምስክሩሉ ይግባእ።

## 28. ጋና መዕለቢ ዘይረኸቡን ዘይተመሓደሩን፥

ኣብ ሓደ ርጉእ መነባብሮ ዘይበጽሑ፥ ሰንፈላል ዘለዉን ላዕልን፣ ታሕትን ዚብሉን ኩሎምœውን ኣብœቲ *ሥቓያቶምን* ጽንኩር ሃለዋቶምን ምስኦም ከምዘሎና፣ ነሓስቦም ከምዘሎና ክንገልጸሎም ንፈቱ። ኣብœቲ ውዑይ ናፍቖት ዓዶምን ወለዶምን፣ ውሉዶምን ከምዘለዉ ምስዚœውን፣ እንታይ ከምዘጋጥሞም ከይፈለጡ፥ ከቢድን መሪርን ጕዕዞ-ስደት የሕልፉ ከምዘለዉ ይርደኣና። ዕድሎም ኣብ ኢድ-ኣምላኽ ከንብርዎ፥ ኣብኡ ተስፋኦምን እምንቶኦም ንኪገብሩ ከኣ ንምዕዶም። ኣምላኽ ብምሕረቱ ሓዲሽ መንገድን ኣገባብን ክሳብ ዚፈጥር ብትዕግሥቲ እናተጻወርኩም *"እስኪ ብተስፋ በርትዑ"* ንብሎም።

## 29. ነቶም ርኹባትን ምሁራትን

ኣብ ወጻኢ ሃገራት ዚርከቡ ብትምህርትን ብምርምርን ዝበሰሉ፥ ብምድራዊ ሃብቲ ዝደልደሉ ካቶሊካውያን ደቅሃገር ንሕዝቦም ዚህብዎ ኣገልግሎት ቀሊል ኣይኮነን። ነቲ ናይ ስደት ሃለዋት እናተንተኑ፣ ምስ ሃገሮምን ኩነታቶምን እናገናዘቡ፥ ንዘለዉዎ ሃለዋት ዚርኢ መጽናዕትን ምሁራዊ ክትዓትን ከካይዱ ጽቡቕ ምኾነ። እቲ ዝኾነን ኪኸውን ዚኽእልን እናወሃሃድካ ብምቕራብ ሕይወት-ስደት ጽንኩርœኳ እንተኾነ ግና ከኣ ቍምነገር ኪግበረሉ ከም ዚከኣል እውን ኪፍለጥ እዩ። ናእሽቱ ናይ ዓዶምን ናይ እምነቶምን መሠረታት ከም ዚፈልጡን ፈሊጦምውን ብናቶም ከምዚተኣማመኑ ክትገብሩ ሓደራ፣ ንብል። ዓበይቲœውን ነቲ ከይተቐረቡ ብገርህን ብሃንሳሰልባምን ዝኣተዉዎ ምዕራባዊ ባህልን ሕይወትን ብምዕሩግ መንገዲ ከምዚነብሩዎ ክትገብሩ ምዝኽኻር ዘየድልዮ ተልእኾኹም እዩ። ሃይማኖት ኣብ ውልቃውን ማኅበራውን ሕይወት ንዘለዎ እጃምን ኣበርክቶን ከም ዚዓዝዝ ክትገብሩ ይግባእ። ሎሚ ኣብ ዓለም ብፍላይ ኣብ ምዕራብ ዘሎ ድኻምነት፤ መበቈሉ መደብ እምነትን ሃይማኖትን ሸለል ስለዝተባህለ እዩ።

ብሓፈሻ እቶም ሳላ ጻዕሮምን ትግሃቶምን፥ ከምኡ ድማ ሠሚሩሎም ሰብ-ሃብትን በርከትን ሰብ-ትምህርትን ዝኾኑ፥ ካብœቲ ዝተረፈ ኅብረተሰብ ከይተገለሉ፥ ካብ መንፈስ-ንፍገትን ተነጽሎን ብምጥንቃቕ፥ ንዝረኸብዎ በርከትን ክእለትን፥ ኣብ

ኣገልግሎት ኅብረተ-ሰቦም ከውዕሉዎ፥ በዚ ኸኣ ናይ ሲቪል ሶሳይቲ” ሰብኣዊ ግቡኦምን፤ መሪሕ ግደኦምን፤ ክርስትያናዊ ተልኮኦምን ኪፍጽሙ ነማሕፅን።

## 30. ኣኅት ንዝኾና ሰበኻታት (ኣብያተ-ክርስትያናት)

ነኣኻትኩም ደቅናን ኣኅዋትናን ንዚሕብሕባ፥ ናይ ሥርዓት ላቲን ሰበኻታትን፣ ቍምስናታት በቲ ቅድሚ ሕጂ ዝፈጸምኦ ኵሉ ነቲ ኣብ ምጅማር መልእኽትና ዝገለጽናዮ ምስጋናና ሕጂœውን ብስም ቤተክርስትያናን ብስምኩምን ዳግም ነሓድሰለን ኣሎና። ነቶም ካብœዛ ሃገርœዚኣ ዝመጹወን ደቅና ኣብœታ ሓንቲ ተስፋን ፍቕርን እምነትን ከጽንዓኦም ዝተረኽባ፣ ንድሕር ሕጂውን ብዝበለጸ ኣገባብ ኪኾስኩሳኦምን ኪሰዕባኦምን ሓደራ ንብለን። ምእንትœዞም ዝተመዛበሉን ዝተሰደዱን ምእንቲ ዘኻትምን መበለታትን ምእንቲ ሕቡሳትን ምእንትቶም ኵሎም ኣብ ጸገም ዚርከቡን ብሓባር ክንጽሊ፥ ክንዝቲ ንብሩህ መጻኢ ዕድሎምን፣ ኣውራ ከኣ ዘለዓለማዊ ድኅነት ንምጭባጥ ኣብ ዚገብሩዎ ጕዕዞ ከነሰንዮምን ከም ዘሎና ይርደኣና።

ኣሥመራ ብበዓለ ፍልሰታ (16 ነሓሰ 1996)
22 ነሓሰ 2004

# ካብ ሰቆቃወ ድንግል

ኢየሱስ ስዱድ ተስፋሆሙ ለነዳያን፣
ኢየሱስ ግፉዕ ምስካሙ ለግፉዓን፣
እግዚኣብሔር ማኅደር ዘኣልቦ ከመ ነዳያን፣
ኢየሱስ ነግድ ወፈላሲ እንዘ ውእቱ ሕፃን፣
ወልደ ኣብ ፍቁር ዘበኀበ ሰብእ ምኑን፣
መኃልየ ብካይ ኮነኒ ዘእሙ ኀዘን።

ትርጉም፦ ዝተሰደድካ ኢየሱስ ተስፋ ስዱዳን ኢኻ፣
ዝተገፋዕካ ኢየሱስ ጸግዒ ግፉዓን ኢኻ፤
እግዚኣብሔር መሕደሪ-ኣልቦ ከም ድኻ፤
ጋሻን ገዓዚን ኮይንካ ኢየሱስ ሕፃን ከሎኻ ፤
ፍቁር ወዱ ነቦ፣ ብሰብ ዝተነዓቕካ፤
መዝሙር-ብኽያት ኮነ ኀዘን ናይ ኣዴኻ።

ርኢክሙኑ ንእስተ መርዓተ፤
ጸዊራ ሕፃነ እንዘ ተሐውር ፍኖተ፤
አኅሥሠኪ ወእብል እስከ እትከደን መሬተ፤
ማርያም ፈላሲተ ቍስቋም ዘአልብኪ ቤተ፤
አውዐየኒ ንግደትኪ ከዊኖ እሳተ።

ትርጉም፦ ርኢኹምዋዶ እታ ንእሽቶይ መርዓት፤
ሕፃን ጸዊራ ኣብ መንገዲ ክትከይድ፤
ክደልየኪ እየ ክሳብ ዝኸደን መሬት፤
ስደተይና ቍስቋም ማርያም፤ ዘይብልኪ ቤት፤
ጕዕዞኸስ የቃጽለኒ ደኣ ከም እሳት።